tgringa

**Sid 1**
ሓብሬታ ንኣላይ ንወላዲ - ባዕልኻ ትገብሮ ክንክን (egenvård)

## ናይ መድሃኒት ምዉሳድ ሓገዝ ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ ናይ ናዉቲ ሓገዝ ዘድልዮም ቆሉዑ

ቆልዓኻ ብሓኪም ዝተኣዘዘሉ መድሃኒት ይወስድ ድዩ? እቲ ሓኪም ቆልዓኻ ነቲ መድሃኒት ኣብ ቅድመ ትምህርቲ/ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝህልወሉ ግዜ ክወስዶ ኣለዎ ዝብል ገምጋም ጌሩ'ሎ? እሞ ቆልዓኻ ነቲ መድሃኒት ንኽወስዶ ሓገዝ የድልዩ ድዩ? እቲ ኩነታት ከምዚ እንድሕሪ ኮይኑ እቶም ሕክምና ንቤት ትምህርቲ ትህቦም ናይ ባዕልኻ ክንክን ዉሳኔ (egenvårdsbeslut) ክጽሑፉልካ ኣለዎም።

ነዚ ናይ ባዕልኻ ክንክን ዉሳኔ (egenvårdsbeslut) እቶም ሕክምና ባዕሎም ዝመልኡልካ ፍልይ ዝበለ ዝምላእ ፎርም ኣለዎም።

ቆልዓኻ ኣብቲ ቤት ትምህርቱ እቲ ቅኑዕ ዝኾነን ደገፍ ከም ዝረክብ ናይ ምርግጋጽ ሓላፍነት እቲ ሓለቓ ቤት ትምህርቲ ይወስዶ።

**Sid 2**

## ምዕቡል ምትእትታው ክንክን (Avancerade vårdinsatser)

ቆልዓኻ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ/ቤት ትምህርቲ/ፍሪቲድስ ኣብ ዝህልወሉ ግዜ ምዕቡል ዝኾነ ክንክን ጥዕናን ናይ ደገፍ ናዉትን የድልዮ ድዩ? ወይ እቲ ብጽሑፍ ዝዉሃበካ ናይ ባዕልኻ ክንክን ዉሳኔ እኹል ኣይኮነን? እቲ ኩነታት ከምዚ እንድሕሪ ድኣ ኾይኑ እቲ ናይ ቆልዓኻ ምድላው ዉጥን ሓላፍነት እቲ ሕክምና ይወስዶ።

እንታይ እዩ እቲ ምዕቡል ምትእትታው ክንክን ዝብሃል እቶም ሕክምና ወይ ቤት ትምህርቲ እዮም ዝዉስንዎ።

## ብዛዕባ ናይ ቆልዓኻ ናይ ባዕልኻ ትገብሮ ክንክን ሕቶታት ኣሎካ?

ነቶም ምስ ቆልዓኻ ርክብ ዘለዎም ናይ ማእከል ጥዕና፣ ክፍሊ ክንክን ወይ እቲ መቐበሊ ሕክምና ተወከሶም እሞ ንሳቶም ክሕግዙኻ እዮም።

**Sid 3**

## ንስኻ ከም ኣላይ ወላዲ እንታይ ክትገብር ኣሎካ?

እንድሕሪ ሓኪምካ እቲ ቆልዓ መድሃኒት የድልዮ እዩ ከምኡ ዉን ኣብ ግዜ ትምህርቱ ሓገዝ የድልዮ እዩ ዝብል ገምጋም ጌሩ ንስኻ ከም ወላዲ ኣላይ ነዚ ዝስዕብ ሓላፍነት ትወስድ፡

- እቲ ዝተመልአ ፎርም ከምኡ ዉን
- እቲ መድሃኒት ምስቲ ኦርጂናል መዐሸጊኡ ንቤት ትምህርቲ ተረክብ

በዚ እቶም ቅድመ ትምህርቲ/ቤት ትምህርቲ/ፍሪትዲስ ንቆልዓኻ በቲ ሓኪም ዝኣዘዘሉ ኣገባብ ተኸቲሎም ነቲ መድሃኒት ይህብዎ።

## ከም ኣላይ ወላዲ ናትካ ሓላፍነት

ዝኾነ ለዉጥታት ምስ ዝርከብ ንሕክምና ክትዉከስን ንቤት ትምህርቲ ዉን እዋናዊ ሓብሬታ ክትህብን ከምኡ ዉን ኣድላይነት እንድሕሪ'ሎ ሓደስቲ መምርሒታት ምቕራብ ናትካ ሓላፍነት ይኸዉን።

## መብዛሕቶም እቶም መድሃኒታት ቅድሚ ወይ ድሕሪ ትምህርቲ ከምኡ ዉን ቅድሚ ድቃስ እዮም ዝዉሰዱ

ኣብ ሓደ ሓደ ኩነታት እቲ መድሃኒት ብቐትሪ ምዉሃብ ከድሊ እዩ፡ ስለዚ ምስ ሓኪምካ ተዘራረብ።